# ፩ያ ሰንበት ዘጽጌ

## ጥቅምቲ 2 2018 ዓ.ም. (10/12/2025)

### ማርያም አደ ስድራ።

**መዝሙር፡** ትዌድሶ መርዓት እንዘ ትብል ነዐ ወልድ እኁየ ንፃእ ሐቅለ.... መርዓት ንመርዓዊ እናወደሰት ኦ ሓወይ ንዓ ንግዳም ንውጻእ እሞ ወይንን ሮማንን ፈርዩ እንተሎ ንርአይ፥ንሰማይ ብኽዋኽብቲ ዝሸለመ ንምድሪ ብዕምባባታት ዘጌጸ።ንሱ ሓደ ወዱ ጎይታ ሰንበት እዩ።መርዓት ኦ ሓወይ ቃልካ ጥዑም እናበለት ትውድሶ።

**ንባባት፡** ዕብ 2፡9-11፥ ራእ 21፡1-9፥ ግ.ሓ. 15፡22-ፍ፥ ማር 10:2-16።

**ምስባክ፡** 1.ፍሬ ጻማከ ተሤሠይ፥ብፁዕ አንተ ወሠናይ ለከ፥ብእሲትከ ከመ ወይን ስሙር ውስተ ጽርሓ ቤተከ።ዕዮ ኣእዳውካ ዘፍረዮ ኽትበልዕ ኢኻ እሞ ብፁዕ ኢኻ፥መነባብሮኻ ኹሉ ኸአ ኺባረኽ እዩ፥ሰበይትኻ ኣብ ውሽጢ ቤትካ ከም ፈራይት ወይኒ ኽትከውን እያ መዝ. 128፡2-3።

2. እስመ ፈተወ ንጉሥ ስነኪ፥እስመ ውእቱ እግዚእኪ፥ወይሰግዳ ሎቱ አዋልደ ጢሮስ በአምኃ።ብመልክዕኪ ንጉሥ ክፈትወኪ እዩ፥ንሱ ጎይታኺ እዩ እሞ ስገድሉ፥ ሕዝቢ ጢሮስ ገጽ በረኸት ኬምጽኡልኪ እዮም መዝ. 45፡11።

ኣብ ናይ ግዕዝ ኣቆጻጽራ ዘሎናዮ እዋን ካልአይ ክፍሊ ዓመት እዩ መጽው ይብሃል፥ ካብ 26 መስከረም - 25 ታሕሣሥ ዘሎ እዩ። ኣብኡ ፫ ንኡሳን ኣዝማን ይርከቡ፡

1. ዘጽጌ፥ 6 ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ፥ ብ፩ ፪ ፫ ፬ ፭ ፮ ይፍለጥ።

2. ዘአስተምህሮ 5 ሰናብቲ ዝሓዘ ዘወረደ፥ ዘቅድስት፥ ዘምኵራብ ዘመጻጉዕ፥ ዘደብረ ዘይት።
3. ዘስብከት ወይ ምጽአት ይብሃል 3 ሰናብቲ ዝሓዘ፡ ዘስብከት፥ ዘብርሃን፥ ዘኖላዊ።

ዘመነ ጽጌ እምብአር ፮ ሰናብቲ ዝኀዘ እዩ። ኣብዚ እዋን ነቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ቤተ ክርስትያን ዘለዎ ርክብ ክገልጽ ኢሉ ብአምሳል ርክብ መርዓትን መርዓውን ነቲ ኣብ መኃልየ መኃልይ ንወዲ ኀወይ...መርዓት ትውድሶ ዝብል መሰረት ገሩ ንምሕረት ኣምላኽ ይገልጽ። ሎሚ እውን ኣምላኽ ምስ ነፍሲ ወከፍና ርክብ ክፈጥር ይደሊ ኣሎ። እንተ ቐረብናዮ ኣብ ሕይወትና ተሓድሶን ለውጥን ክገጥመና እዩ ብፍላይ ዕድመ ኣምላኽ እንተ ኣኽበርና ጸጋን በረኸትን ኣብ ሕይወትና ይህበና ስለዚ ዕድሚኡ ኣኽቢርና ኣብኡ ንቕረብ።

ዘመነ ጽጌ ብፍሉይ እውን ንማርያም ዝውሃብ ጊዜ እዩ። ማርያም ምስ ኣምላኽ ዝነበራ ርክብ ከምኡ ኣብዚ ዓለም እንከላ እትኽተሎ ዝነበረት ሕይወት እናገለጸ ዕብየት ማርያም ክነስተንትን ፍሉይ ጊዜ ይኸፍተልና። ሓደ ካብቲ ንማርያም ክብሪ ዝህባ ንዕድመ ኣምላኽ ሕራይ ምባላ እያ። ማርያም ሎሚ እውን ንሕና ደቃ ነቲ ኣምላኽ ዘቕርበልና ኣሰራ ተኸቲልና ሕራይ ክንብል እዩ። ካባይ እንታይ ይደሊ ኣምላኽ፡- ምስ ሓወይ ክዕረቕ፥ ንጽጉም ክሕግዝ፥ ንሕሙም ክበጽሕ፥ ኣብ ሓዳረይ ካባይ እንታይ ይደሊ ኢልና ንሕሹኽታ ኣምላኽ መልሲ ክንህብ ንሕተት ኣሎና።

ናይ ሎሚ መዝሙር ኣብ መንጎ ክልተ ሰብ ሓዳር ክህሉ ዝግብኦ ርክብ እናገለጸ ኣብ ፍቕርን ሓልዮትን ዝተመስረተ ክኸውን ከም ዝግባእ ይነግር። ኣስተንትኖና ኣብዚ መሰረት ገርና ብዛዕባ ቃል ኪዳንን ስድራ ቤትን ክነስተንትን እዋናዊ እዩ፥ ምኽንያቱ ክልቲኡ ኣብ ፍቕሪ ክምስረት እንከሎ ጽኑዕ መሰረት ደቂ ሰብ እዩ ዝርከብ። ቤተ ክርስትያን ደጋጊማ ኣብዚ እዋን እተስተምህሮ ሕይወት ሰብ ኪዳን መሰረት ሕይወት ሕብረተሰብን ሃገርን ከምኡ ቤተ ክርስትያንን እዩ። ቃል ኪዳን እንተ ጠዓየ ኩሉ ይጥዒ።

ዘሎናዮ ዘመን ነቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ርክብ ሰብኣይን ሰበይትን ከምኡ መልክዕን ትርጉምን ስድራ ቀይሩ ሓዲስ መልክዕ ከልብስ ዝቃለስ ዘሎ ምዃኑ ኢና እንርኢ። ንቡር ተፈጥሮና ዘይናቱ ክነልብሶ ነቲ ኣምላኽ ብሂጉ ዝሃበና ተፈጥሮ ጨሪሹ ጠፊኡ ካልእ ዘይተዋህበካ ምድላይ ናይ ዘመና ፋሽን እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ቤተ ክርስትያን ኣብ ርድኢትን እምነትን ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን ጌራ ደጋጊማ ብዛዕባ ቃል ኪዳን ኣጽኒዓ እተስተምህር። ንንኪዳን ምፍራስ ንቤተ ክርስትያን ምፍራስ እዩ።

ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 2፡18-24 ዘሎ እንተ ኣንበብና ብዛዕባ ፍጥረት ሰብኣይን ሰብይትን ይዛረብ። እግዚኣብሔር ንኣዳም ክሳብ ካልኣይቲ ብጸይቲ መጻምዱ ዝፈጥረሉ ተፈጥርኡ ምሉእ ኣይነበረን። ስለዚ ሰብኣይ በይኑ ኺነብር ጽቡቕ ኣይኮነን (ዘፍ 2፡18) ክብል እንከሎ ሰብኣይ ብጸይቲ ክትህልዎ ድላይ ኣምላኽ እዩ። ኣዳም ንሔዋን ምስ ረአያ እዚኣ ዓጽሚ ካብ ኣዕጽምተይ ሥጋይ ከአ ካብ ሥጋይ እያ እናበለ ተቐቢልዋ እዚ ኹሉ ዝሕብሮ ክልቲኦም ኣብ ነንድሕዶም ክደላለዩ ተፈጥራዊ ውህበቶም እዩ። ተፈጥሮ ኣዳም ምሉእ ዝኾነ ሔዋን ምስ ተፈጥረት እዩ። ስለዚ ሰብኣይን ሰበይትን ገሩ ፈጠሮም ክብል እንከሎ ድላይ ኣምላኽ ክልተ ጾታ እምበር ኻልእ ከምዘይ ፈጠረ ድላዩ እዚ ምዃኑ ኢና እንርኢ። ሰብ ከአ ድላይ ኣምላኽ ክገብር እዩ ተፈጢሩ እምበር ንድላይ ኣምላኽ ክቕይር ኣይተፈጥረን። መልክዕ ሰብ ድላይ ኣምላኽ ምፍጻምን በቲ ንሱ ዝሃቦ ምምራሕን እዩ። ጓና ሓሳብን መገድን ከእቱ እንተ ጀመረ ካብ ኣምላኽ ምሽፋት ጀሚሩ ኣሎ ማለት እዩ። ዘመና ምሽፋትን ኣልቦ ኣምላኽ በዚሕዎ ክሕመስ እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ።

ኣምላኽ ሰብኣይን ሰበትን ብሓደ ክነብሩ ፈጢርዎም ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ይኃድግ ምስ ሰበይቱ ኸአ ይወሓድ፥ ሓደ ኣካል ድማ ይኾኑ፡(ዘፍ 2፡24)፥ እዚ ሓድነት ሰብኣይን ሰበይትን መሰረት ናይ ሕብረተ ሰብ እውን እዩ። ሓደ ምዃን ንሰብ ሰላም ፍቕሪ ኵሉ ይህቦ። ኣብ ሓደ ክጥርነፍ እንከሎ ብዙሕ ጽቡቕ ነገር ክገብር ይኽእል። ናይ እዚ ኹሉ ሓድነት ኣብ ሰብ ኪዳን እያ እትጅምር። ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ኪዳኖም ስኒት ፍቕሪ ሓድነት ክስእኑ ከለዉ እዞም ዝስዕብ ይጉድኡ፡

- ክልተ ሰብ ኪዳን ይጉድኡ። ኣብ ነንድሕዶም ክጠቓቐሙ ዝተፈጥሩ ይፈላለዩ ሽዑ ኩሉ ሳዕቤናት ምፍልላይ ይወርዶም። ብጥዕንኦም፥ ብመንፈሳዊ ሕይወቶም፥ ማሕበራዊ ሕይወቶም፥ ስነ ኣእምራውን ኣካላውን ጽገም ይወርዶም። ኣብ ነንድሕዶም ክመላልኡ ዝግብኦም ጎደሎ ኮይኖም ይነብሩ። ምፍልላዮም ብኹሉ ሥጋውን መነፈሳውን ነገራት ይጎድኦም።

- ቆልዑቶም ይጉድኡ። እቶም ናይ ክልቲኦም ፍረ ዝኾኑ ደቆም ይጉድኡ። ፍቕሪ ሰላም ሓልዮት ክሰንቁ ዝግብኦም ቆልዑት ብስንኪ ወለዶም ይሳቐዩ። ኣብ ሕይወቶም እውን ዓቢ ስንብራት ይሓድገሎም። ኣብ ፍቕሪ ዝጎደሎ ስድራ ዝዓብዩ ቆልዑት ምስ መዕበያኻ ጥፉእ እናተባህሉ እቲ ዝገብርዎ ሕማቕ ነገር ብሰንኪ ወለዶምን ዘዕብይዎምን ከምዝኾነ ኣብ ባህልና እውን ንገልጾ ኢና። ኣብ ሃገርና ንዝኾነ ቊምነገር ዝሓስብ ሰብ መጀመርያ

እቲ ግለሰብ ዘይኮነ ኾነታት ወልዱ እዩ ዝሕተት ምኽንያቱ ኵሉ ጽቡቕና ሕማቕና ካብ ወለድና ስለ እንወስዶ። ወለዲ እምብአር ምእንቲ ደቆም ኢሎም ንኹሉ ክጸሩ ይግባእ።

- **ሕብረተሰብ ይጉዳእ።** ፍቕሪ ዝጎደላ ስድራ አብ ሕብረተሰብ እውን ጸገማት እያ እትፈጥር። ስነስርዓትን ጽቡቕ መዕበያ ዝጎደሎ ሕጻን ምስ ዓበየ አብ ሕብረተሰብ ዓቢ ጸገም እዩ ዝኸውን። ጥዕና ሕብረተሰብ ካብ ስድራ እዩ ዝጅምር። ስድራታት አብ መዕበያ ደቆም ክሕገዙ ይግባእ። ሕብረተ ሰብ ሓላፍነት ለቢሱ ንደቁ ብፈሪሃ አምላኽን አኽብሮት ሰብን ከዕቢ እንከሎ ጥራሕ እዩ ሰብ ሰላምን ምዕባሌን ብዝያዳ ዘነግስ።

ሎሚ ልዕሊ ኹሉ ዝዋረድን ዝድፈርን ዘሎ ግን እዚ ክልተ መሰረት ሰብአውነት ዝኾነ ቃል ኪዳናዊ ሕይወትን ስድራን እዮም። ቃል ኪዳንን ስድራን ክጉድኡ ወይ ዘይመልክዖም ክለብሱ እንከለዉ ሳዕቤናቱ ፍቕሪ ይጎድል፥ ሓድነት ይምህንን ብሳዕቤኑ ኸአ ሕይወት ደቂ ሰብ ይጉዳእ። ቃል ኪዳን ክልተ ተራ እዩ ዘለዎ ንሰብ ክልተ ሰብ ኪዳን ጥቕምን ሓገዝን አልኦ ከምኡ ውሉድ ብምሃብ ንቐጻልነት ሕብረተ ሰብ የረጋግጽ። ሰብ ኪዳን እንተ ዘየለዉ ሕብረተሰብ የለን። ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ከም ዝብልዎ ስድራ ቤት ናይ ተስፋ ፋብሪካ እያ።

ሎሚ እነብዕሎ ዘሎና ከም ስድራ ቤት አምላኽ ሓደ ክንከውን ብኹሉ ሓድነትና ከም ደቂ አምላኽ ክነደልድል ይግብአና፥ ክርስቶስ ብፍቕርን መስዋዕትን አሕዋቱ ገሩና እዩ። አብ ነነድሕድና እነርእዮ ፍቕሪ አብቲ አብ መላእ ሕብረተሰብ ዘሎና ፍቕሪ ክምስረት ይግባእ።

ዝተነበ ወንጌል ናይ ቃል ኪዳን ቅድስና ይነግረና። አብ ኦርት ዘፍጥረት 2፡18-24 ዘሎ ምስ እዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ማር 10፡2-16 ዘሎ እንተ ርአና ቃል ኪዳን (መርዓ) ህያብን ናይ አምላኽ ስራሕ ስለ ዝኾነ ክፍቀርን ብኽብሪ ክትሓዝን ከም ዝግብኦ ንግንዘብ። ብርግጽ ቃል ኪዳን ናቱ ጸገምን ፈተናን አልኦ እንተ ኾነ ንኹሉ ክንስዕሮ ጸጋ አምላኽ የድልየና፥ አምላኽ ስለ ዝኾነ ዋንኡ አብ አምላኽ ክነጸግዖ እንከሎና ጥራሕ እዩ ሓቀኛ ትርጉሙ ሒዙ ዝጉዓዝ። ኪዳናዊ ጸገማት መጀመርያ ፈሪሃ አምላኽ መሰረት ገርካ ምርአዮም የድሊ ድሕሪኡ ንምሕረት ንዕርቂ ስንድውን ንጽቡቕ ነገር ክፉት ልቢ ሒዝካ ምንባር ይግባእ።

ብዙሓት አብዚ እዋና አብ ቃል ኪዳኖም ከቢድ ጸገማት ወይ እውን ፈተና ምስ ተጓነፎም አብ ፍትሕ ይቀዳደሙ። ብዙሓት ስድራታት ተበታቲነን ክትርኢ ብሓቂ ዘጉሂ እዩ። አብ ገለ ቦታታት ልዕሊ ፍርቂ ቃልኪዳን ዝፈትሑ እዮም። አብ ሕብረተ ሰብና እውን እዚ ጸገም እዚ እናዓበየ ይኸይድ አሎ። ሰብ ዋና ኪዳኑ ባዕሉ ኮይኑ ንአምላኽ ቦትኡ አሕዲግዎ ይርከብ።

**ክልተ ዓይነት ፍትሕ አሎ፡**

- ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን አብ ቤት ፍርዲ ከይዶም ሓንሳብን ንዘለዓለምን ኪዳኖም ዝብትኑ። እዚኦም ሲቪላዊ ሕጊ ብዝሃቦም ውሳኔ ይፋትሑ መብዝሕትኡ ነዚ አገባብ ይኽተል።
- ክልተ ሰብ ኪዳን ንስሙ ብሓንሳብ አብ ሓደ ገዛ ይነብሩ እንተ ኾነ ብውሽጦም ዝተፈላለየ ሕይወት ይነብሩ። እዚ ኸአ ዝኸፍአ ሕይወት እዩ።

እዚ ኾይኑ እቲ ክልቲኡ ዓይነት ፍትሕ ንፍቕሪ ንአምላኽ ካብ ሕይወቶም ስለ ዘውጽአ ዓቢ ጉድአት እዩ። ፍትሕ ፍታሕ አይኮነን። ምናልባት ንግዚኡ ጽቡቕ ኮይኑ ይርአዮም ይኸውን እንተ ኾነ ቃል ኪዳን ክብተን ክፍታሕ ካብ መጀመርያ ድላይ አምላኽ አይኮነን። ስለዚ ሰብአይ አቡኡን አዲኡን ኃዲጉ ምስ ሰበይቱ ኸአ ይወሃድ፥ክልቲኦም ድማ ሓደ አካል ይኾኑ፡ ስለዚ ድማ ሓደ

ኣካል እዮም እምበር ክልተ ኣይኮኑን። እምብኣርከስ ነቲ ኣምላኽ ሓደ ዝገበሮ ሰብ ኣይፍለዮ (ማር 10፡6-9)።

መብዝሕትኦም እቶም ዝተፋትሑ ናይ ኣእምሮ ሰላም ወይ ቅሳነት ኣይረኸቡን እዮም። ካልእይ ጊዜ እንተ ተመርዓዉ እውን ብዙሓት ኣይ ዕወቱን እዮም። በዚ እዩ ብዙሓት ንግሆ ንጋሆ ዝፋትሑ። ዝፋትሑ ብህዱእ መንፈስ ንጸገማቶም ስለ ዘይዋስኡ ኣብ ምፍልላይ ይቀዳደሙ ህድእ ኢልካ እናተመሓሓርካ ሰላም ምግባር ምሐሸ። ኣነ ዝበልክዎ ንኣይ ይጥዓመኒ እንተ ኾነ ሳዕቤኑ ምብትታን እዩ ብግድን ሕድገትን ምሕረትን ክህሉ ይግባእ።

ልዕሊ ኹሉ ቃል ኪዳን ቅዱስ ምስጢር እምበር ድላይካ እትገብሮ ኣይኮነን። ቅድሚ ቃል ኪዳን መንፈሳውን ስንኣእምራውን ኣካላውን ብስለት የድሊ ሓንሳብ ምስ ኣቶኻዮ ኸኣ ነቲ ዝኣቶኻዮ ምጉሳይ የድሊ።

ኣምላኽ ጸግኡ ከብዝሕ እናለመና ንኹሎም ኣብ ኪዳን ዝነብሩ ከምኡ ስድራታት ክባርኽ በዚ ቡርኽ ሰንበት ንጸሊ። ማርያም ኣደና ጸሎታን ረድኤታን ኣይፈለየና።

ብሩኽ ዘመነ ጽጌ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ